## መሪሕነት ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ
## ኣብ ኣዲስ ክፉት ሰሚናር ኣካይዱ

### ክፍሊ ዜናን ባህልን
### ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ
### 17 ጥሪ 2010

ብ17 ጥሪ 2010 ኣዲስ ኣበባ ኣብ ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ሰፊሕ ኣኼባ ተኻይዱ። ኣብዚ ኣባላት እቲ ሰልፍን ሓድነት ናይተን ሓድሽ ሰልፊ ዝመስረታ ውድባትን ዘሕጎሶም ኤርትራውያንን ዝተሳተፍሉ ኣኼባ፡ ኣባላት መሰጋገሪ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት እቲ ሰልፊ ኣቶ መሓመድ ዓሊ ኢብራሂምን ኣቶ መኮነን ሃይለን ሰፊሕ መብርሂ ሂቦም።

ኣቶ መኮነን ሃይለ ንተሳተፍቲ ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም መልእኽቲ ድሕሪ ምምሕልላፍ፡ ንምስረታ ናይ'ቲ ሓድሽ ምዕራፍ ኣብ ቃልሲ ህዝብና ክኸፍት ትጽቢት ዝግበረሉ ዘሎ ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣበሲሩ።

ኣቶ መሓመድ ዓሊ ኢብራሂም ብወገኑ፡ ኣቐዲሙ ናብ ሓድነት ናይ ሰለስቲኡ ውድባት ንምብጻሕ ብዛዕባ ዝተኻየደ ነዊሕን ሓያልን ቃልሲ ዝርዝር መብርሂ ሂቡ። ቀጺሉ ድማ ኣብ ምጽንባራዊ ዋዕላ ዝጸደቑ ፖለቲካዊ ውሳኔታት ኣልዒሉ፡ ብዛዕባ ትሕዝቶ ነፍስወከፍ ውሳኔ ሰፊሕ መግለጺ ኣቕሪቡ።

ናይ ሕቶን ርእይቶ ዕድልን ድሕሪ ምኽፋቱ ከኣ፡ ኣኼበኛታት ብዛዕባ'ቲ ዝቐረበ መግለጺ ብሓፈሻ፣ ብዛዕባ ጕዳይ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ብዛዕባ ጕዳይ ሓላፍነታት ኣብያተ-ጽሕፈታት፣ ብዛዕባ ጕዳይ ኤርትራውያን ስደተኛታት፣ ብዛዕባ እቲ ሰልፊ ስኢልዎ ዘሎ ናይ ቃልሲ ስትራተጂ ድማ ብፍላይ ኣልዒሎም ዝተፈላለይ ሕቶታትን ርእይቶታትን ኣቕሪቦም። ካብ መራሕቲ ኣኼባ ድማ፡ ኣዕጋቢ መልስን መብርህን ተዋሂብዎም።

ኣኼበኛታት ብወገኖም፡ ንምስረታ ናይ'ቲ ሓድሽ ሰልፊ ዝምልከቱ ዝተፈላለዩ ግጥምታት ብምቕራብን፣ መደባት ሰልፊ ንምዕዋት ብዘለዎም ዓቕሚ ክዋስኡ ምዃኖም ብምግላጽን ቅሩብነቶም ኣረጋጊጾም።

ኣብ መወዳእታ እቶም ነቲ ኣኼባ ዝመርሑ ኣሕዋት፡ ሓይልን ዓቕምን ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ብፍላይ ኣብ ኣባላቱ ብሓፈሻ ድማ ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ዝተሰረተ ምዃኑ ብምሕባር ናይ ዓወትና ወሳኒ መሳርሒ ዝኾነ ውደባ ንምሕያል ኩሉ በ ኣስተዋጽኦ ንኽበርክት መጸዋዕታኦም ኣቕሪቦም።